**መግለፂ ቅዋም ካብኔ ምምሕዳር ዞባ ማእኸል ትግራይ**

ሰራዊት ትግራይ ህዝቢ ትግራይ ዝሃነፆ ህዝባውን ናይ መኸተን ትካል ምኧኑ ይፍለጥ እዩ።እቲ ሓቂ ከምዚ እንዳሃለወ ግን ብስም ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ እና ብዝብል ትማሊ15 ጥሪ 2017 ዓ.ም "ላዕሎዎት ኣመራርሓ ሓይሊታት ፀጥታ ትግራይ ብኣብዝሓ ድምፂ ነቲ ዘይሕጋዊ ጉባኤ ኣካይደ ዝብል ጉጅለ ወጊኖም ብምሉእ ድምፂ ኸንድግፎ ወሲንና ኣለና" ተባሂሉ ዝወፀ መግለፂ ሰሚዕናዮ ኣለና።

ይኹን ድኣምበር እዚ ሓላፍነት ዝጎደሎ መግለፂ ካብ ድሌትን ባህግን ህዝብና ወፃኢ ንሓደ ዘይሕጋዊ፤ ብዘይሕጋዊን ብፋሉልነትን ጉባኤ ኣካይደ ንዝብል ጉጅለ ወጊኖም ፤ንህዝብና መሊሱ ናብ ሓደጋ ዘእቱ፤ንኩሉ ናይ ሰላም ኣማራፂታት ሓንሺሹን ፤ዓዲ ናብ ምፍራስን ምብትታንን በሪ ዝኸፍት ስለዝኾነ፣ ስርዓት ኣልቦነት ዘስፍንን፣ እሉ እውን ነቲ ጠንካራን ፅኑዕን ዓለም ዘስደመመን ናይ መኸተ ሰራዊትና ብቅሉዕ ናብ ጫፍ ምብታንን ሓደጋ ዘእቱን እዩ እልና ንኣምን።
ብኣንፃሩ ድማ ንሕና ኣመራርሓ ምምሕዳር ካብኔ ዞባ ማእኸል ነቶም ኣብዚ ዘይሓላፍነታዊ፣ግጉይን ሓደገኛን ውሳነ ኣይንሳተፍን ብምባልን ካብዚ ዝተፈለየ ቅዋም ዝሓዙን እዋናዊን ከባብያዊን ኩነታት ዝተገንዘቡን ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ"" ቀንዲ ዕላማን ሸቶናን ህዝቢ ኣብ ምውሓስ ሰራዊቱን ቀጻሊ ህላዉኡን ንጹርነት ክህልዎ ንምሕጋዝ ጥራሕን ጥራሕን እዩ። ዝብል መርገፂ ጀጋኑ ንሕና እውን መርገፂና ምኧኑ ንኣምን።

"ብተወሳኺ ድማ ንሕና ሎሚ ይኹን ፅባሕ ናይ ማንም ዝኾነ ውልቀን ጉጅለን ተለኣኣኽቲ ኣይኮንናን /ኣይንኸውንን እውን"" ብምባል ታሪኻዊ ግቡኦም ናይ ዝተዋፁ ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ዝሓዝዎ ቅዋም ብምድጋፍ ምስ ህዝብና ኣብ ጎድኖም ብምምኧን ብዝኻኣልናዮ ኩሉ ኣመራፂታት ከምንቃለስ ክንገልፅ ንደሊ።ስለዚ በዚ ዘይሓላፍነታዊ ውሳነ ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ህዝብን ምምሕዳርን ዞባ ማእኸል ኣዝዩ ዝተቆጠዐ እንትኸውን ከም ዞባ ምምሕዳር ማእኸላይ ዞባ ትግራይ እዞም ብዓል ሓሙሽተ ነጥቢ መግለፂ ቅዋም ከምዝሰዕብ ኣውፂእና ኣለና።

- ህዝቢ ትግራይ ኣብ መኸተ ዝሃነፆ ጅግና ህዝባዊ ሰራዊት፤እዚ ትካል ተበሊፅካ ናይ ውልቀ ወይ ጉጅለ ጥቕ መኖታትን ኣዘዝትን ነጋዶ ኲናትን መሳርሒ ንምግባር ብስም ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ብሸርሒን ኔትዎርክን ዝወፀ መግለፂ እምበር ናይ ኩሎም ጀጋኑ ተጋደልቲ እምነት ከምዘይኮነ ስለንርዳእ ብጥብቂ ንቋወም።
- ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብውዕሊ ፕሪቶርያ መሰረት ንሰላም ንምዕሟቅ ዘሎዎ ዘሎዎ ረብሓ ብምርድዳእ፣ ብምስምዕማዕን፤ ብምትእማንን ዝተመስረተ እንዳሃለወ ወግሐ ፅብሐ ፕረዚደንት እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ንምቕያር ኣዲስ ኣበባ ዝመላለስን "ጸላኢ እዩ" እንዳበለ ዝፍርጅን ዝኸረመ ሕዚ ንመላእ ህዝብና ናብ ሓደጋ ዘእቱ ሓላፍነት ዝጎደሎ ዝወሰኖ ውሳነ ናይቲ ጉጅለ ተልእኾ ብኔትዎርክ ዝምራሕ ምኧኑ ቁልጭ ኣቢሉ ዘርእየ ምኧኑ ሉጥ እዩ፤ስለዚ ንሕና ኣመራርሓ ምምሕዳር ካብኔ ዞባ ማእኸል ኣትሪርና ንቃወም።
- እዚ ዘይሓላፍነታዊ ውሳነ ስቓይን መከራን ህዝቢና ዘናውሕን ዕንክልል እንዳበልና ክንነብርን ካብ ፀገምና ቀልጢፍና ከይንወፅእ ዝገብርን፤ ነቲ ብዓሰርተታት ኣሻሕት መናእሰይ ዝገበርናሉ ውዕሊ ፕሪቶርያ ብምፍራስ መስዋእቲ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ዝሕምሽሽ ፤ ኣንፃር ሕገ-መንግስትን ቦርድ መረፃን ዘቕነዐ ብምኧኑ በፍፁም ዘይንቅበሎን ምኧንና ንገልፅ።
- ኣብ ትግራይ መንግስትነት ከይህልዉን ሰራዊት ድማ መሳርሒ ውልቀ ፖለቲካዊ ድልየታትን ክኸውንን ንዝደፍእ ድሑር ሓይሊ ኣትሪርና እንትንቋዎም ፤

ካብኔ ምምሕዳር ዞባ ማእኸል ትግራይ

16 ጥሪ 2017ዓ.ም

መቐለ